# ንኖርወይ ምእታው ዝምልከቱ ሕግጋት ይተሩ

Pressemelding/ጋዜጣዊ መግለጺ | Dato/ዕለት: 19.02.2021
| Nr/ቑጽሪ: 26/21

**ምስፍሕፋሕ ኰሮና ቫይረስ ንምድርራት መንግስቲ ሃገረ ኖርወይ ሓደስቲ ስጉምትታት ከተኣታቱ ከም ምዃኑ ይሕብር። ንኣጠቓቕማ መወሸቢ ሆቴል ዝምልከት እውን ዝያዳ ምቊጽጻርን ተሪር ሕግታትን ከተኣታቱ እዩ። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ካብቶም ንኖርወይ ምእታው ዝምልከቱ መምርሒታት ሕድገት ንምርካብ ደሓን ኩን ዝበለ መመልከቲ ቅጥዕታት ኣብ ማዕላ ንክውዕል ይምስርት። ኣብ ቴክኒካዊ ሞያ ንዝዋፈሩ ዓቕሚ ሰባት ዝምልከት ድማ ይኸውን፡ ካብ ዕለት 22 ለካቲት ንኔው ድማ ዘገልግል ክኸውን ኢዩ።**

-ኩነታት ለበዳ ኣብ ኖርወይን ብዓቢኡ እውን ኣብ ኤውሮጳን ምስናይ ይቕረታ ዘሰክፍ ብምዃኑ ዛጊት ብዝሒ ቁጽሪ ገያሾ ንኖርወይ ዝኣትው ብዝከኣለና ንከነደርቶ የገድደና ኣሎ። ጐኑ ጐኑ ድማ ንጥፈታት ዋኒን ሃገርና ቀጻልነቱ ከነውሕስ ግዴታና ኢዩ ክትብል ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኣርና ሱልባርግ/Erna Solberg (ሰልፊ የማናውያን) ትገልጽ።

## ጸቢብ መምርሒያ

ሓደ ጸቢብ መስርሕ ምልክታዊ መምርሒያ ዋኒናዊ ህይወት ንምክያድ ኣድለይቲ ንዝኾኑ ሰባት ዝምልከት መስርሕ ከተኣታቱ ከም ምዃኑ መንግስቲ ኖርወይ ኣቐዲሙ ኣብ ወርሒ ለካቲት ሓቢሩ ኔሩ እዩ። እዚ ኣቐዲሙ ዝተሓበረ መምርሒያ ድማ ተዳልዩ ኣሎ ሕጂ።

-ኣብ ቀዳማይ እብረ ንተክኒካውያን ዝኾኑ ስበ ሞያ፡ ቀጻልነት ንጥፈታት ዋኒን ኖርወይ ዘውሕሱን ግዴታዊ ብፍጹም ዘይተርፍ ዕዮታት ንዝፍጽሙ ዘብኦም ዕድል ክንከፍተሎም ኢና። ጸኒሕና ምስ ግዜ ምኻድ ንካልኦት ሸቃሎ ክንኸፍተሎም ንኽል ዲና ንዝብል ብሕጂ ክንርእዮ ኢና። ነዚ ዝምልከት ዝርዝር ጸኒሕና ድሕሪ ውህሉል ኩነታት ለበዳ ገምጊምና ክንምለሶ ኢና ትብል ሚንስተር ኢንዱስትሪ ኢሰሊን ኒይበእ/Iselin Nybø (ሰልፊ ጸጋማውያን)።
እዚ መምርሒያ እዚ ነቶም ኢንዱስትሪታትና ዝሓትዎ ጠለባት ተራ ዕዮታት ሸቃሎ ዝፈትሕ ኣይኰነን። ንኣመና ብዙሓት ምርሓው ዝፈጥሮ ስግኣት ምሒር ዓቢ ኢዩ። እዚ መምርሒያ እዚ ዝምልከቶም ሸቃሎ ቴክኒካዊ ብቕዓት ንዘሎዎምን፡ ንምግጥጣም፡ ንምፍትታሕ፡ ንምቊጽጻር፡ ንምዕራይን ንምጵጋንን ወይ እውን ንኣጠቓቕማ ቴክኒካዊ ዕጥቅታትን ማሺነሪታትን ንምሕባር ብፍጹም ዘይተርፍ ዕዮታት ንዝፍጽሙ ዘብኦም ወጻእተኛታት ሸቃሎ ዝምልከት ኢዩ። እቲ ዝምልከቶ ሸቃላይ ምስ እታ ትሓተሉ ዘላ

ትካል ግድን እተስርሖ ወይ እተዋፍሮ ትካል ክትከውን ኣለዋ። እቲ ስራሕ ቅድም ቀዳድም ግድን ብፍጹም ዘይተርፍ ቀጻልነት ንጥፈታት እቲ ትካል ንምውሕስ ምስ ዝኸውን ኢዩ።
እዚ መምርሕያ እዚ ብኣብያተ ጽሕፈት መጐዓዝያ ባሕሪ ክመሓደር ኢዩ፡ እተን ክሓታ ዝደልያ ትካላት ከኣ ካብ ቀዳም ዕለት 20 ለካቲት ካብ ሰዓት 10፡00 ንኔው ኣብ Altinn ብምእታው ከመልክታ ይኽእላ።

## መወሸቢ ቦታ ኣቐዲሙ ክጸድቕ ኣለዎ

ንኖርወይ ክኣትው ዝተፈቐዶም ሸቃሎ ንውሳኔታት ውሸባ ጌና ብጥብቂ ከኽብርዎም ኣለዎም። ኣስራሕቲ ንወጻእተኛታት ሸቀልቶም መንበርን መወሸብን ዘዳልውሎም፡ እቲ ዘዳልውሎም መምበርን መወሸብን ቦታ ኣቕውዲሙ ብሰበስልጣን ተቼጻጸርቲ ዕዮ ኖርወይ ግድን ክጸድቕ ኣለዎ።
– ሰበስልጣን ተቼጻጸርቲ ዕዮ ኖርወይ ንብኣስራሕቲ ዝዳሎ መንበርን መወሸብን ወጻእተኛታት ሸቃሎ ኣብ ዝፈተሸሉ ኣጋጣሚታት ሓያሎ ጥሕሰታት ሕግታት ምክልኻል ለበዳ ረኺቦም ኔሮም ኢዮም። ስለዚ ድማ ምቍጽጻር ምክልኻል ለበዳ ንምቅላል እቶም ሸቃሎ ዝውሸብሉ መጽንሒ ቦታ ብቕዓቱ ንምሕላው ኣቐዲሙ ክጸድቕ ዝብል እማመ ብመንግስቲ ይቕርብ ኣሎ ይብል ሚንስተር ዕዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን ቱርብየርን ረ`አ ኢሳክሰን/Torbjørn Røe Isaksen (ሰልፊ የማናውያን)።
ካብ ግኑን ለበዳ ዘሎወን ሃገራት ንኖርወይ ክእቶ እንከሎ ግዴታዊ ውሸባ ምእታው ግድን ክማላእ ዘለዎ ኢዩ። ከም ግቡእ ብመሰረት እቲ ቀንዲ ዘሎ ሕጊ እቲ ውሸባ ኣብ ሆቴል ንክኸውን ኢዩ። ንኖርወይ ክሰርሑ ወይ ክዋፈሩ ኢሎም ንዝመጹ ሰባት፡ ኣስራሒኦም ከኣ ኣቐዲሙ ዝጸደቐ ብቑዕ መንበሪ ኣዳሊሎም ከም ዘሎ ሰነዳት ምስ ዘቕርቡ ኣብ መወሸቢ ሆቴል ክቕመጡ ግዴታኦም ኣይኰነን።

ብኣስራሕቲ ዝዳሎ መንበርን መወሸቢን ቦታ ኣቐዲሙ ብሰበስልጣን ተቼጻጸርቲ ዕዮ ንክጸድቕ ኣብ ዝሕተተሉ እዋን ዝምልከቶ ኣስራሒ ካብቶም ከሰንዶም ዘለዎ ሰነዳት እቶም ሸቃሎ ምስ ካልእ ዝኾነ ይኹን ርክብን ምቅርራባትንን ከይሃለዎም ኣብኡ ክቕመጡ ይኽሉ ከም ምኳኖም ኢዩ። እቶም ሸቃሎ ነናይ ገዛእ ርሶም ባኞን ክሽነን ወይ መሳሲዩ መገቢን፡ በይነ-ክፍሊ ተሌቭዥንን ኢንተርኔትን ክህልዎም ኣለዎ። ነቲ ዝቐርብ ምልክታ ዝምልከት ኣስራሒ ንሰበስልጣን ተቼጻጸርቲ ዕዮ ክኸፍሎ ዘለዎ መሳለጢ ግብሪ ኣሎ። ብተወሳኺ ሚንስተር ዕዮን ማሕበርዊ ጉዳያትን ብወገኑ ንሰበስልጣን ተቼጻጸርቲ ዕዮ ኣብዚ ዝመጽ ዘሎ ኹሉስ ሃገራዊ ባጀት ዝያዳ ገንዘብ ንክስልዓሎም ከም እማመ ከቕርብ ኢዩ።
እዚ መምርሕያ ካብ ሰኑይ ዕለት 2 ለካቲት ኣብ ግብሪ ክውዕል ኢዩ።

–ኩነታት ለበዳ ኖርወይ ብዝያዳ ንምቍጽጻር፡ ካብ ካልኦት ሃገራት ዝመጽኣና ለበዳ ንምንካይ ትርር ዝበሉ ስጉምቲታት ኣብ ምትእትታው ክንሙርኰስ ንግደድ። እዚ ኣቐዲሙ ክሕተት ኣለዎ ንብሎ ዘለና መምርሕያ ልዑል ኣበርክቶ ክህልዎ ኢዩ ይብል ሚንስተር ህጻናትን ስድራቤትን ሼል ኢንጎልፍ ሮፕስታ/Kjell Ingolf (ሰልፊ ህዝባዊ ክርስትና)።

## ንዝጽንሓሉ ቦታ ዝሕተት ጠለባት ምስ ዘይማላእ መቕጻዕቲ ይብየን

ንሕግታት ኮቪድ1-19 ዝምልከት ለወጥታት መንግስቲ ሎሚ ዘጽደቖ ኣሎ። እቶም ሕግታት ድማ

ኣስራሕቲ ንመጽንሒ/መንበሪ ሽቀልቶም ከማልእዎም ዘለዎም ጠለባት ምስ ዘየኽብርዎም ክቕጽዑዎም ከም ዘሎዎም ኢዩ ዝብል እቲ ተኣታትዩ ዘሎ ለውጥታት ሕግታት።
–እተን መብዛሕቲአን ትካላት ዑቱባት ኰይነን ሕግታት ከኽብራ ዝደልያ ኢየን። ነተን ካብ ሕጊ ከምልጣ ዝፍትና ትካላት ግና መቕጽዒ ኲርማጅ ኣዳሊኻ ምጽናሕ ኣገዳሲ ኢዩ። ገለ ገለ ኣብነታት ጥሕሰት ሕጊ እውን ዘይርኣና ኣይኰናን ምስናይ ይቕረታ ትብል ሚኒስተር ፍልጠት ጕሪ ሜልብይ/Guri Melby (ሰልፊ ጾጋማውያን)።

## መወሸቢ ሆቴል ይኽርር

ንኣጠቓቕማ መወሸቢ ሆቴል ዝምልከት ሕግታት ንምኽራርን ዝያዳ ቊጽጽር ንምክያድን መንግስቲ ይሰርሓሉ ኣሎ።
ነቶም ኣብ መወሸቢ ሆቴል ዝኣትው ኣለና ከብልሉ ዝኽእሉን ምዝገባ መምምርሕያን ኣብ ዝቐልጠፈ ንከተኣታቱ መንግስቲ ይሰርሓሉ ኣሎ። ኣብቲ መወሸቢ ሆቴል ብሓቂ ከም ዘለው ንምርግጋጽን ሕግታት ምክልኻል ለበዳ የኽብርዎን ከም ዘለው ንምርግጋጽን ምዓልታዊ ምቊጽጻር ብንኡሳን ዘባታት ክካየድ ኢዩ።
–ብኸመይ ከነካይዶ ከም ምኟና ንዝብል ኣብ ሓጺር እዋን ዝርዝራዊ ትሕዝቶታት ሒዝና ክንምለስ ኢና። ኣብዚ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ኣሰራርሓና ብጥብቂ ምትራርን ኣብ መወሸቢ ሆቴላት ዝቕመጡ ብዝሓሸ ምቊጽጻርን ኢዩ ትብል ሚንስተር ፍትሕን ድልውነት ሙኒካ ሜላንድ/Monica Mæland (ሰልፊየማናውያን) ።

ኣወሻሽባ እውን ብዘዕግብ ኣገባብ ይካየድ ከም ዘሎ ንምርግጋጽ ካልእ ስጉምቲታት ንምትእትታው መንግስቲ ብወገኑ ክግምግሞ ከም ምኟኑ ይሕብር።

## ኣብ መወሸቢ ሆቴላት ብብዝሒ ክኣትው ኢዮም

ክሳብ ሕጂ ንኖርወይ ብስራሕ ዘይኰነ ብካልእ ዕላማታት ክመጽኡ ንዝጸንሑን ኣብ ህዝባዊ ቤተመዝገብ ምዝጉባት ዘይኰኑን ካብ ኣብ መወሸቢ ሆቴል ኣብ ካልእ ብቑዕ መንበሪ ቦታ ክውሸቡ ክኽሉ ጸኒሖም ኢዮም። ካብ ሕጂ ንኔው ግና እቲ ንከምኡ ዘፍቅድ ዕድል ክጒድል ኢዩ። ነዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ በጻሕቲ ጉጅለታት ኣብ መወሸቢ ሆቴል ግድን ክኣትው ኣለዎም ኢዩ ዝብል እቲ ዋና ሕጊ።
ነቶም ብፍሉይ ምኽንያታት ንኖርወይ ዝኣትው፡ ብምኽንያት ሓባራዊ ርክብ ምስ ደቄም ንምክያድ ወይ እውን ንቀብሪ ኢሎም ዝመጹ ኣብ መወሸቢ ሆቴል ንከይኣትው ካብቲ ዝጥለብ ሕግታት ወጻኢ ሕድገታት ንክወሃቦም ዕድላት ክህሉ ኢዩ ብሕጂ። እዚ ዕድል ሕድገት ንካብ ወጻኢ ሃገራት ዝመጹ ኖርወያውያን ይኹኑ ወጻኣተኛታት ዝምልከት ኢዩ። ኣብቲ ዝውሸብሉ እዋን ግና ኣብ ካልእ ብቑዕ መንበሪ ቦታ ክጸንሑ ከም ምኟኖም ግድን ኢዮም መረጋገጺ ከቕርቡ።

–ተቐመጥቲ ኖርወይ ክነሶም ኣብ ህዝባዊ መዝገብ ኖርወይ ምዝጉባት ዘይኰኑ፡ ኣብቲ ቈዋሚ ዝኾነ መንበሪኦም ክሳብ ብቑዕ መንበሪ ኰይኑን ዝሕተት ጠለባት መወሸቢ ዘማልእን ዝኾነ ኣብኡ ክውሸቡ

ይኽእሉ ኢዮም። ካብ ምስ ካልኦት ምቕራብ ግና ክውገዱ ኣለዎም፡ ከም ተወሻቢ እውን ናይ በይኑ ክፍሊ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ባኞ፡ ክሽንን መሰሰዪ መግበን ክህልዎ ግድን ኢዩ ማለት ክትብል ሜላንድ/Mæland ብወገና ተብርሀ። ብመሰረት እቲ ዘሎ ሕጊ እቲ መንበሪ ቤት ከም «ቈዋሚ መነብሪ ቤት» ክቝጸር እንተኾይኑ እቲ መንበሪ ቤት ክራይ ምስ ዝኸውን፡ ውዕል ክራይ እንተወሓደ ንሽድሽተ ኣዋርሕ ዝጸንሕ ክኸውን ኣለዎ ትብል ሜላንድ/Mæland።

ብተወሳኺ እቲ ሕግታት ከም ዘነጽሮ ብሓንሳብ ዝቕመጡ ሰባት ንኖርወይ ብሓንሳብ ምስ ዝመጹ፡ ነናይ ገዛእ ርእሶም ክፍሊን ባኞን ክሽነን ዝብል ዝሕተት ጠለብ ከየማልኡ ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ቤት ክውሸቡ ይኽእሉ ኢዮም። በዚ መንገዲ ድማ እቲ ሕጊ ንሰብ ቃልኪዳንን ሰብ ሓዳርን ምስ ደቄም ዝምልከት ከም ምዃኑ የረድእ።

–እዞም ለውጥታት ነተኣታትወሎም ዘለና ምኽንያታት ንኖርወይ ዝኣትው ገያሾ ኣብ ብቑዕ ዝኾነ መወሸቢ ንክውሸቡን ሕግታት ኣወሻሽባ የኽብርዎ ከም ዘለዉ ንምርግጋጽ ዝካየድ መስርሕ ቊጽጽር ንምጥንካርን እዩ ትብል ሜላንድ/Mæland።

## ምስፍሕፋሕ ቫይረስ ንምግታእ ዝተኣታተው ሓደስቲ ስጉምትታት

### መንግስቲ ሃገረ ኖርወይ እዞም ዝስዕቡ ተወሰኽቲ ስጒምትታት የተኣታቱ፡

- ኣባላት ስድራቤት መቃምጥቲ ናይ ጌሹ ንዝመጸ ተወሻቢ ኰይኖም ካብቲ ናይቲ ተወሻቢ መዳቕሶን ባኞን ዝተፈልየ ክፍሊ ምስ ዘይህልዎም ወይ እውን ናይ ክልተ ሜትሮ ርሕቀት ክሕልው ምስ ዘሸግሮም፡ እቶም ኣባላት ስድራቤት ንባዕሎም እውን ንክውሸቡ ነተባብዕ።
- ኣባላት ስድራቤት መቃምጥቲ ናይ ጌሹ ንዝመጸ ተወሻቢ፡ ወላ ከይተወሸቡ ዝጸንሑ ይኹኑ ኣብ መበል 7ይ ምዓልቲ ድሕሪ ንኖርወይ ዝኣተውሉ ዕለት መርመራ ኰሮና ንክካይዱ ነተባብዕ።
- እቶም ብሓንሳብ ዝቕመጡ ስድራቤታት ናይ ክልተ ሜትሮ ርሕቀት ክሕልው ምስ ዘይክሉ፡ ንኡሳን ዘባታት መወሸቢ ቦታ ክርከበሉ ዝከኣል ስርዓተ ዕድላት ንከተኣታትዋ ነታባብዐን።

### መንግስቲ እውን ብወገኑ ሓደስቲ ግዴታታት ከተኣታቱ እዩ፡

- እቶም ጌሾም መጺኦም ኣብ መወሸቢ ሆቴል ዘይቕመጡ ኣብ 7ይ ምዓልቶም መርመራ ኰሮና ንክካይዱ ትእዛዝ ክተኣታቶ እዩ።
- ኲለን ንኡሳን ዘባታት፡ መርመራ ናይ ምክያድ ዓቕመን ክሳብ ዘፍቀደለን፡ ነቶም ጌሾም መጺኦም ኣብ መወሸቢ ሆቴል ዘይቕመጡ ኣብ 7ይ ምዓልቶም መርመራ ኰሮና ንክካይድሎም ግዴታዊ ተሓታትነት ክተኣታተወለን ኢዩ፡

ንሕግታት ምክልኻል ለበዳ ዝምልከት መንግስቲ ብኸምዚ ዝስዕብ የኽርር፡

- ሰብ ቃልኪዳንን ሰብ ሓዳርን ወይ ቈልዑን 24 ሰዓታት ንኖርወይ ቅድሚ ምምጽኦም ካብ ልኡኽ ውኪል ጉዳያት ወጻኢ ካብ ኮሮና ናጻ ከም ምኺን ዘርኢ ዝሕተት ዝነበረ ምስክር ኣሉታዊ መልሲ ንከየቕርቡ ዝነበሮም ሕድገት ይተርፍ።
- ንኣባላት ውትህድርና ኣብ መመርሒ ሕጊ ወጻእተኛታት ካብ ዓንቀጽ 1 ክሳብ 7 ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ሕጥቦ ጽሑፍ መሰረት ዝተጠቕሰ ብናይ ተቕዋም መጐዓዝያ ዘይተሰፈሩ፡ 24 ሰዓታት ንኖርወይ ቅድሚ ምምጻኦም ካብ ኮሮና ናጻ ከም ምኺኖም ዘርኢ ዝሕተት ዝነበረ ምስክር ኣሉታዊ መልሲ ንከየቕርቡ ዝነበሮም ሕድገት ይተርፍ።
- ኣባላት ኣጓዓዓዝቲ ንብረት በረራን ባቡሩን ዝኾኑ ተወሸብቲ ገያሾ ዘለዎም ሕድገት ይዕቀብ፡ ኣባላት በረራ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ክምርመሩ ኣለዎም ዝብል ዝነበረ ኣብ ዶብ ኣብ ምምጽኦም ንክምርመሩ ኣለዎም ብዝብል ይቕየር። ንኣባላት ኣጓዓዓዝቲ ንብረት ባቡር ዝምልከት ስርዓት መርመራ ከም ዘለዎ ከይተቐየረ ይዕቀብ።
- ነቶም ንኖርወይ ኣትዮም ዝውሽቡ ኣባላት ውትህድርና ዝምልከት ፍሉይ ሕድገታዊ ሕግታት ዝለዓለ ደረት ብዝሒ ኮሮና-ጉጅለ ቍጽሮም 10 ሰባት ንክኸውን ብዝብል ይቕየር።
- ሰብ ሞያ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ኣብ ዶብ ኖርወይ ኣብ ዝኣትዉሉ እዋን ኣሉታዊ ውጽኢት መርመራ ኮሮና (ብኮሮና ከም ዘይተለኸፉ) ንከቕርቡን ኣብ ናይ ስራሕ እዋን ንከይውሸቡ ሕድገት ዝተዋህቦምን ካብ ተሽከርከርቶም ኣብ ዝወጽሉ ኣብ ዝሃለው ይሃልው ካልኦት ሰባት ኣብ ዘለውሉ በታታት ግድን መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ንክጥቀሙ ትእዛዝ ይመሓላለፍ።

ኩሎም ዓይነት ምቅይያራት ካበያናይ ዕለት ኣትሒዞም ኣብ ግብሪ ክውዕሉ ከም ምኺኖም ብንጹር ዕለት ዘይተፈለየሎም፡ ካብ ፍርቂ ለይቲ ንኔው፡ ካብ ንሰሉስ ዕለት 23 ለካቲት ዘውግሕ ንኔው ኣብ ግብሪ ይውዕሉ።